ደደቢት ትካል ልቃሕን ዕቋርን ኣክስዩን ማሕበር ኣብ ከተማ ውቅሮማራይ፣ ሰለኽለኻ፣ ማይፀብሪ፣ ቆራሪት፣ ማይጋባ፣ ማይካድራን ዓዲ ረመፅን ዝርከቡ ንኡሳን ጨናፍር ንባንኪ ግልጋሎት ዝውዕሉ ባንኮኒ ናይ ዕንጨይትን ብረታ ብረትን ፍቃድ ካብ ዘለዎም ብግልፂ ጨረታ ኣጫሪቱ ከስርሕ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ታሕሳስ 3, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 15, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:30000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:150.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 15, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ዕንፀይቲን ስራሕቲ ዕንፀይቲ/ ሰራሕቲ ሓፂነ መፂን/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም ናይ 2011 ዓ/ም ዘለኩም፣ ምስክር ወረቀት፣ ንግዲ ምዝገባ ምስክርነት፣ ግብሪ ዝከፈልኩም ቫት ዝተመዝገብኩምን ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ቫት ዲክላሬሽን ዝገበርኩም ምካንኩም ዝገልፅ መረዳታ ክተቅርቡ ትኽእሉ፤

2 ብCPO ብር 30000.00 ጥራሕ ከትሕዝ ዝክእል፤

3 እቲ ጨረታ ኣብ ሰለስተ ዝተመቐለ እዩ። ማለት ውን ሎት 1- ኣብ ከተማ ውቅሮማራይ፣ ሰለኽለካን ማይ ፀብሪን፣ ሎት 2 ኣብ ከተማ ቆራሪትን ማይጋባን፣ ሎት 3 ኣብ ከተማ ማይካድራን ዓዲ ረመፅን እዮም።ተጫረቲ ኩሉ ናይ ጨረታ ሰነድ ክገእኡ ዝኽእሉ ምኻኖም እናገለፅና ዝወዳደርሉ ግን ኣብ ሓደ ሎት ጥራሕ እዩ። ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝተወዳደረ ካብ ጨረታ ይስረዝ።

4 ኩሎም ተጫረቲ ጨረታ ሰነድ ካብ ዕለት 01/04/2011 ጀሚሩ ክሳብ 15/04/2011ዓ/ም ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ደደቢት ማ/ፋይናንስ 4ይ (ራብዓይ) ደብሪ ቁፅሪ ቢሮ 409 ኩሎም መረዳእታታት ብምሓዝ ብብር 150 (ሓደ ሚኢቲን ሓምሳን ብር) ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፤

5 ተጫረቲ ኣብ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘቀረቡ ቅጥዕታት ብትኽክል መሊኦም ኣብ ሕድሕድ ገፅ እቲ ዶክሜንት ፈሪሞምን ከምቲ ክሸየጥ እንተሎ ዝነበረ ከየጓደሉ ከቅርቡ ኣለለዎም። ዝተጓደለ ብትኽክል ዘይተማልአን ሰነድ ካብቲ ጨረታ ወፃኢ ይኸውን።

6 ተጫረቲ ናይ ዝጫረትሉ ባንኮኒ ፋይናንሻል፣ ሓደ ኦርጂናልን ክልተ ቅዳሕን ናይ ጨረታ ውሕስና ሰነድ (ሲፒኦ) ኣብ ዝተፈላለየ ፖስታታት ተዓሺጎም ኩሎም ፖስታታት ድማ ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ መሊሶም ብምዕሻግ ናይቲ ዝጫረት ሎት ኣብ ልዕሊ እቲ ፖስታ ብዝርአ ቀለም ብምፅሓፍ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ራብዓይ ደብሪ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ኣታዊ ይኸውን።

7 እቲ ጨረታ ዕለት 15/04/2011 ዓ/ም ንጉሆ ሰዓት 3:00 ንጉሆ ተዓሺጉ በቲ ዕለት ልክዕ ሰዓት 3:30 ንጉሆ ቦታ ኣብ ደደቢት ትካል ዋና ቢሮ ተጫረቲ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይክፈት::ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ እንተዘይተረኺቦም እውን እቲ ጨረታ ኣብ ሰዓቱ ይኽፈት

8 እቲ ትካል ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብከፋል ወይድማ ብሙሉአ ናይ ምስራዝ መብቱ ዝተሓለወ እዩ

9 ተወሳኪ ሐበሬታ እንተደሊኩም ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ማ/ፋይናንስ ዝርክብ ሳልሳይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 11 ብምቅራብ ወይ ድማ ብስልኪ ቁፅሪ 0342-400014 ብምድዋል ምርካብ ይከኣል እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle